# ካብ መዳሕንቲ ፈሳሲ ብምውሳድ ዝግበር መርመራ/CHORIONIC VILLUS SAMPLING (CVS) እንታይ እዩ?

CHORIONIC VILLUS SAMPLING (CVS) መርመራ ክኸውን እንከሎ መርፍእ ናብ እንዳዓበየ ዘሎ መዳሕንቲ ይሓልፍ እዩ [ኣብዚ ደረጃ ዘሎ መዳሕንቲ "CHORION" ይብሓል]። ቑሩብ ናይ ዋህዮታ ኣካል ብሲሪንጋ ተጌሩ ይውሰድ እዩ።

እቲ ዋህዮታ ክፍለ ኣካል ከምርመር እንከሎ እቲ ማማይ ዝኾነ ጉድለት እንተሃልዩዎ ክርእይ ይኽእል እዩ።

ከምኡ'ውን ናይ መዳሕንቲ መርመራ **Placenta biopsy** ወይካዓ **placentocentesis** ይብሓል እዩ።

## CVS መርመራ ንመን እዩ ዝፍቀደሉ?

ንምውላድ ክቓረባ እንከሎ ዕድሚኣን 37 ዓመትን ንላዕሊ ዝኾነን ደቂ ኣንስትዮ።

- ደቂ ኣንስትዮ ክወልዳ እንከሎ ሕማም ዝሕብር Down's syndrome ፱ኣእምሮ ድኽመት) ዝነበረን።
- ሓደ ሓደ ግዘ ናይ CVS መርመራ ዝግበር ንካልእ ምኽንያት ማለት ብናይ 'ሜታቦሊክ/metabolic' ዘይምስትኽኻል ናይ ምውላድ ፀገም ዘለዎም ወለዲ።

ናይ CVS መርመራ ንSpina bifida (ኣካላዊ ድሕሪት) ኣይኾነን። ይኹን እምበር ካልእ ናይ መርኣይ መርመራ እቲ ማማይ ኣካላዊ ጉድለት ኣብዝርኣየሉ እዋን ኣብ18 ሰሙን ጥንሲ መርመራ ምግባር ይኻኣል እዩ።

## ዕድሚሔን ካብ 37 ዓመት ዝኾና ደቂኣንስትዮ ንምንታይ እዩ CVS መርመራ ዝግበረለን?

ናይ ደቂ ኣንስትዮ ዕድመ እንዳወሰኸ ክኸይድ እንከሎ ናይ ክሮሞሶም ፀገም ዘለዎ ማማይ ናይ ምውላድ እድል እንዳወሰኸ ይኸይድ እዩ። እቲ ልሙድ ናይ ክሮሞሶም ጉድለት ፀገም Down's syndrome(ኣእምሮ ድኽመት) ይኸውን እዩ።

ኣሞንጎ 37 ዓመትን 40 ዓመት ዕድመ ዘለዋ ናይ ክሮሞሶም ፀገም ዘለዎ ማማይ ናይ ምውላድ እድል ካብ 100 ውሽጢ 1 ኸውን። ካብ 40 ዓመት ዕድመ ንላዕሊ ዘለዋ እዚ እድል ካብዚ ንላዕሊ ይኸውን እዩ።

እቲ መርመራ ኣብዝኾነ ናይ ጥንሲ ግዘ ምግባር ይኽኣል ግናስ ነቲ ማሕጸን ደሕንነት ክብሓል ብውሑድ ክሳብ 15 ሰሙናት ምፅናሕ የድልይ እዩ።

## CVS መርመራ ንምግባር መዓዝ እዩ ፅቡቅ?

CVS መርመራ ንምግባር ፅቡቅ ግዘ ኣሞንጎ 10ን 12 ሰሙናት ኣብዘሎ ጥንሲ ይኸውን። ኣብ ጥንሲ እዋን ዝኾነ ግዘ ክግበር ይኻኣል ግናስ ቀድሚ ትሽዓተ ሰሙናት እቲ መዳሕንቲ በቲ ዝዓበየ ዝኸይድ ጥንሲ ክረጺት ክባቢ ስለዝነብር እቲ መርመራ ፀገም ክፈጥረሉ ስለዝኽእል እዩ።

እቲ መዳሕንቲ ትሽዓተ ሰሙናት ክኾና እንከሎ ሓፊስ ብምኳን ናብ ሓደ ገጽ ስለዝኸውን ብቐሊሉ ክርከብ ይኽእል እዩ። እቲ መርመራ ድሕሪ እዚ ግዘ ብምግባር ነቲ ውፅኢት ብቅልጡፍ ንምሃብ ንደልይ ኢና።

## እቲ መርመራ ከመይ ይግበር?

ኽልተ ዓይነት መንገድታት ኣሎ።

ብጣዕሚ ልሙድ ዝኾነ ኣሰራርሓ ብመዓናጡን ከብዲን ውሽጢ ዘሎ ኣካል ምርኣይ (transabdominal)። መርፍእ ኣብዝውግኣሉ ቀርበት ከባቢ ማደንዘዚ ብምግባር መርፍእ ካብ ማሕጸን ከሳብ መዳሕንቲ ደንደስ [ድሕሪ ምውላድ] ይውጋእ እዩ።

እቲ መርፍእ ዝሓልፈሉ መንገዲ ብUltrasound መርኣይ ጥንቃቐ ምክትታል ይግበር እዩ። ብድሕሪኡ ቐጢን መርፍእ በቲ ላዕላዋይ መርፍእ ውሽጢ ሓሊፉ ናብ መዳሕንቲ ዋህዮት ክፋሊ ኣካል ይውጋእ እዩ።

በቲ ቐጢን መርፍእ መወዳእታ ተጌሩ ብስሪንጅ ቁሩብ ሽረፍ ናይ መዳሕንቲ ክፋሊ ኣካል ይውሰድ። ትኽክለኛ ዓይነት ናይ ዋህዮት ክፋሊ ኣካል ከምዝኾነ ምርግጋፅን ከሳብ እቲ መርመራ ንምግባር ዝኣኽል ናሙና መርኣዩ ከምዝውሰድ እዩ።

እቲ ካልእ መገዲ/ሜላ ብጣዕሚ ዘይተለምደን ቐጢን ብረት ቱቦ (cannula) ብናይ ደቂ ኣንስተዮ ብልዕቲ ብምሕላፍ (transvaginal) ይኽውን። እቲ ቱቦ ብክሳድ ማሕጸን(cervix) ጌሩ ከሳብ መዳሕንቲ ክፍሊ ኣካል ይሓልፍ እዩ።

## ቅድሚ CVS መርመራ ብድምጺ/Ultrasound ምምርማር ንምንታይ የድልይ?

ቅድሚ CVS መርመራ ምግባር Ultrasound ከምዘድልዩን ናይቲ ማማይ ዕድመ ንምግማትን ከምኡ'ውን መዳሕንቲ  ኣበይ ከምዝርከብ ንምፍላይ እዩ። ብተወሳኺ እቲ ጥንሲ ሓደ ማማይ ወይከዓ ብዙሕ ንምኳኑ ንምፍላጥ ይጠቅም እዩ።

ሓያል ዝኾነ ናይ ድምጺ ምንብልባል ብምጥቃም ናትኽን ውሽጣዊ ኣካል ከፋል ስዕሊ ንምፍጣር ይኽውን። እዚ'ድማ ብፍላይ ናይቲ ዕቤት ማማይ ንምርኣር ፅኡቅ እዩ። ሓኪም ነቲ መርፍእ ናበይ ከምዝልእኾ ንምርኣይ ናይ Ultrasound ስዕሊ ይጥቀም እዩ።

ኣብታሕታዋይ ከብዲ መለግለግ ዝብል ፈሳሲ ብምልካይ ብላስቲክ ዝኾነ ነገር (transducer) ቐስ ኣቢልካ በቲ ቀልበት ምንቅስቓስ ይኽውን።

ናይ Ultrasound መርመራ ብምግባር ዝፍለጥ ሓደጋ የለን።

Ultrasound መርመራ ኣብዝግበረሉ እዋን እቲ ማማይ ንእሽቶ ስለዝኾነ ብጣዕሚ ውሑድ ዝኾነ ናይ ኣካላዊ ፀገማት ጥራይ ክርኣይ ይኽእል።

## ኣብቲ መርመራ ዝግበረሉ ዕለት እንታይ ከምዝግበር?

ኣብ ናይ Ultrasound መርመራ ክፍሊ ውሽጢ እቲ ኣሰራርሓ ይግበር።  ናይ ዋህዮታ ክፍሊ ኣካል ናሙና ንምርካብ ዝወስዶ ግዘ ከፈላል እንከሎ ግና መብዛሕትኡ ቁሩብ ደቓቕ ይወስድ እዩ። ን30 ደቂቓ ጸጥ ኢልካ ድሕሪ ምጽናሕ ናብ ከዛኽን ምኻድ ትኽእላ።

ድሕሪ እቲ መርመራ ናብ ገዛኽን ብዘይፀገም መኪና ከትዝውራ ትኽእላ ግና ዝኻኣል እንተኾይኑ ዝኾነ ሰብ ምሳኽን እንዳዘወረ ክወስደኽን ይምረጽ እዩ። ሙሉእ ማዓልቲን ኣብዝቅጽል ማዓልቲ ብዘይምንቅስቓስ እረፍቲ ምግባር ግና ናብ ኣራት ምድቃስ ኣድላይ ከምዘይኾነ እዩ።

## እንታይ ዓይነት ምግርጫው ክፍጠር ይኽእል?

እቲ ኣሰራርሓ ኣብዝግበረሉ እዋን መብዛሕትኣን ደቂ ኣንስትዮ ቑሩብ ፀገም ይነብረን ግናስ ሓያል ክምዘይኾነን ንቑሩብ ሰኮንድ እዩ። ድሕሪ ብመዓንጣን ክብዲን ዝግበር መርመራ ደም ምፍሳስ ኣይልሙድን እዩ።

ነዚ መርመራ ዝገበረት ደቂ ኣንስትዮ ናይ ጥንሲ ምካድ/ምውራድ ፀገም ክሳብ ሕጂ ኣይተረጋገፀን እዩ። ካብ ወፃኢ ዓዲ ዝረኸብናዮ ሓበሬታን መርመራ ናይ ጥንሲ ምውራድ ፀገም ዘርእዮ 1% ክምዝኾነ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ድማ ድንገተኛ ናይ ጥንሲ ምውራድ ኣብ 10 ሰሙን ዘሎ ጥንሲን እዚ'ድማ ናይ CVS መርመራ ዝገበራ ጥራይ ክይኾነ ንኹለን ጥኑሳት ይኽውን።

እኹል ዝኾነ መርኣዩ/ናሙና ብዘይምቕራቡ ወይካዓ እቲ ላቦራቶር ውፅኢት ብዘይምሃቡ ምክንያት ከምካልኦት መርመራታት ውድቂ ክኸውን ይኽእል እዩ።

## ድሕሪ ናይ መርመራ እንታይ ክጽበይ ኣለኒ?

በቲ መርመራ ኣሰራርሓ ቑሩብ ስትረፖ/ስምብረት ምክንያት ዘይምቹ ኩነታት ብመጠኑ ክፍጠር ይኽእል። ፓረሰታሞል ነቲ ቃዛ መፈወሲ ምውሳድ ይኽኣል።

ብብልዕቲ ኣለንስተይቲ ብዙሕ ደም ወይካዓ ማይ ፈሲሱ ወይካዓ ሓያል ቓንዛ እንተሃልዩኽን ሓኪምኽን ከተማኽራ ኣለኽን።

## ናይቲ መርመራ ውፅኢት ክንደይ ግዘ ይውድእ?

መብዛሕትኡ ግዘ ላቦራቶሪ ነቲ መርመራ ውፅኢት ንሓኪምኽን ብክልተ ሰሙን ውሽጢ ክህብ እንከሎ ሓደ ሓደ ግዘ ቀዲሙ ይኽውን።

## ሓጺር ጾብጻብ

ዝገበረሉ ዋና ምክንያት ዕድሚኣን ካብ 37 ዓመትን ንላዕሊ ዝኾና ሕሙማት ናይ Down's syndrome ፀገም ንምንባሩን ካልኦት ናይ ክሮሞሶም ዘይምስትኽካል ንምባሩ የረጋጸልና እዩ። ከም AMNIOCENTESIS መርመራ በዚ መርመራ ናይ spina bifida ፀገም ምህላው ኣይገልጽን እዩ። ይኹን እምበር ኣብ 18 ሰሙናት ናይ ሕቑን ካልእ ናይ ማማይ ኣካላት ብጥንቓቐ ንምርኣይ ይግበር እዩ።

CVS መርመራ ነቲ ጥንሲ ካብ AMNIOCENTESIS መርመራ ዝበለፀ ናይ ምርባሽ ፀገም ክነብሮ እቲ ጥቕሚ ድማ ናይቲ መርመራ ውፅኢት ድሕሪ ካብ ሽድሽተ ክሳብ ሸውዓተ ሰሙን ጥንሲ ይውሃብ እዩ። እቲ ጥንሲ ንምውራድ ኣድላይ እንተኾይኑ ኣብ ቐዳማይ ጥንሲ እዋን ምስዳድ ቐሊልን ፀገም ዘይብሉ ኣሰራርሓ ይኽውን።

ኣብ መወዳእታ መርመራ ምግባር ክምዘየድልን ንምርግጋፅ፣ ከምኡ'ውን ኣብ 18 ሰሙን ብሓባር ናይ CVSን መርኣይ/Scan ብምግባር እቲ ማማይ ጥዑይ ክምዝኾነ ንምርግጋፅ እዩ።

**Disclaimer** The Royal Women's Hospital does not accept any liability to any person for the information or advice (or use of such information or advice) which is provided in this fact sheet or incorporated into it by reference. We provide this information on the understanding that all persons accessing it take responsibility for assessing its relevance and accuracy. Women are encouraged to discuss their health needs with a health practitioner. If you have concerns about your health, you should seek advice from your health care provider or if you require urgent care you should go to the nearest hospital Emergency Department. © The Royal Women's Hospital, February 2014